# ዓቢ ፖለቲካዊ ጸወታን  ሻውዓይ ምዕራፍ ባይቶ ጸጥታን

2ይ ክፍል

## መበገሲ፡ ትሕዝቶን ውሳኔ ባይቶ ጸጥታ ቁ.1907



**ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**

ኣብዚ ክፋል'ዚ መርገጺ 15 ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ቅድሚ ምርኣይና፡ መበገሲን ትሕዝቶን ድሕረ-ባይታን ውሳነ ቁጽሪ 1907 ብዝርዝር ክንትንትኖ ኢና።

## ቀዳማይ፡- መበገሲ ውሳነ ቁ-1907

ኣብ'ቲ ውሳነ ተጠቒሱ ከም ዘሎ መበገሲ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ቁ. 1907፡

1. "ኤርትራ ኣብ ሶማል ንሰላምን ዕርቂን ንዝዘርጉን ንዞባ ንዝህውኹን ዕጡቓት ጉጅለታት ፖለቲካዊ፡ ፋይናንሳውን ሎጂስቲካውን ሓገዝ ትህብ ኣላ" ይብል።
2. "ኤርትራ ብመሰረት ቀዋሚ ወኪላ ኣብ ው.ሕ.ሃ ብ19 ግንቦት ናብ ኣቦ መንበር ባይቶ ጸጥታ ዝጸሓፎ መልእኽቲ፡ ነቲ "ንሼኽ ሸሪፍ ሼኽ ኣሕመድ ፕረዚደንት መሰጋገሪ ፌደራላዊ መንግስቲ ሶማል ንኽሽውን ዝመረጸ ስምምዕ ጂቡቲ ነጺጋ" ይብል።
3. "ልኡኽ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሶማል ሰላምን ርግኣትን ሶማል ንምርግጋጽ ንዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ዓቢ ሚዛን ይህቦ።"

4. “ንመስርሕ ሰላም ጇቡቲ ንምኹላፍ ወይ ንምዕንቃፍ ንዝንቀሳቐሱ ወገናት ኣንጻሮም ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድ ምዃኑ የረጋግጽ።”
5. “ኤርትራ ምስ ጇቡቲ ምዝታይ ንዝብል ሓሳብ ምንጻጋ ወይ ክልተኣዊ ርክባት ዘይምቕባላ፡ ናይ ዞባውያን ውድባት መንጎኝነትን ጻዕርታት ዋና ጸሓፊን ምእባያ ኣዝዩ ከም ዘሻቕሎ ደጊሙ ይሕብር።”
6. “ተግባራት ኤርትራ ንሰላምን ዕርቅን ሃገረ ሶማል ዝዕንቅጽን ግጭት ጇቡቲን ኤርትራን ድማ ንኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን ምዃኑ የስምረሉ።”
7. “ንኹለን ኣባል ሃገራት-እንኮላይ ኤርትራ-ንመስርሕ ሰላም ጇቡቲን ነቲ ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል ዕርቂ ንምስፋሕ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታትን ክሕግዛ ይጽውዕ። ከምኡ’ውን ንኤርትራ፡ርግኣት ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል ንምዝራግ ወይ’ውን ነቲ ፈደራላዊ መንግስቲ ንምውዳቕ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ እተካይዶ ንጥፈታት ደው ክተብል ይሓትት።”
8. “ኤርትራ ሰራዊታን ኩሉ ኣጽዋራታን ናብቲ ናይ ቅድም ቦታኡ ክትሰሕቦን ኣብ’ቲ ብሰነ 2008 ግጭት ዝተኻየደሉ ራስ ዱሜራን ደሴት ዱሜራን ዝኾነ ወተሃደራዊ ህላወ ንኸይህልዋን፡ ኣብ ራስ ዱሜራን ደሴት ዱሜራን ምስ ጇቡቲ ዶባዊ ግጭት ከምዘለዋ ክትኣምን፡ ነቲ ወጥሪ ንምፍታሕ ኣብ ንጡፍ ዘተ ክትሳተፍ፡ ከም ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት መጠን ኣህጉራዊ ግቡኣት ክትፍጽምን ኣብ ቁጽሪ 3,4,5 ዓንቀጽ 2 ቻርተር ው.ሕ.ሃን ዓንቀጽ 33 ተጠቒሱ ዘሎ መትከላትን ከተኽብርን ይጽውዕ።”[1]

**ካልኣይ፡- ትሕዝቶ ውሳነ**

ባይቶ ጸጥታ ውሳኔ ቁ.1907 ንምሕላፍ ከም መእተዊ ወይ ድሕረ ባይታ እዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ክስታት’ዩ ኣዳልዩ። ኣብኡ ተመርኵሱ ከኣ ነዚ ዝስዕብ ስጉምትታት ወሲዱ።

**1.** “ኩለን ኣባል ሃገራት ብመገዲ ዜጋታተን ወይ ባንዴራኣን ዘንበልብላ መራኽብ ይኹና ነፈርቲ ተጻዒኑ ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ኣጽዋርን

ወተሃደራውን ሓውሲ ወተሃደራውን ናውትን መቀያየሪን ንምዕጋት ህጹጽ ስጉምቲ ይወስዳ። ከምኡ’ ውን ቴክኖሎጂያውን ፋይናንሳውን ሓገዛትን ስልጠናታትን ደው የብላ።”

2. “ኤርትራ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መገዲ ዝኾነ ኣጽዋር ወይ ወተሃደራዊ ናውቲ ካብ ዘባአ ወይ ብመገዲ ዜጋታታ ወይ’ውን ባንዴራኣ ብዘንበልብላ መራኽብ ይኹና ነፈርቲ ገይራ ከትሸይጥ ወይ ከተምጽእ ፍጹም ኣይፍቀደላን። ኩለን ኣባል ሃገራት ብመገዲ ዜጋታተን ወይ ባንዴራአን ብዘንበልብላ መራኽብን ነፈርትን ኣቢለን ኤርትራ ኣጽዋር ንኸይትረክብ ይዓግታ።”
3. “ኩለን ኣባል ሃገራት ብመሰረት ስልጣነ፡ ሃገራዊ ሕግታተንን ኣህጉራዊ ሕግታትን፡ ናብ ኤትራን ሶማልን ዝኸይድን ካብኡ ዝመጽእን ጽዕነታት ደቂቕ ከካይዳሉ ኣለወን። ዝምልከተን ሃገራት እቲ ጽዕነታት ኤርትራ ከተምጽኦ ወይ ክትልእኮ ፍቑድ ዘይኮነ ዓይነታት ከምዘለዎ ሓበሬታ ምስ ዝህልወን ክሕዘኦ ኣለወን።”
4. “ኩለን ኣባል ሃገራት ነቶም ዝምልከታ ኮሚተ ንደገ ከይገሹ ዝወሰነትሎም ውልቀ ሰባት ናብ ሃገራተን ወይ ዘባአን ከይኣትዉን ወይ ብእኡ ከይሓልፉን ንምዕጋቶም ኣድላዪ ስጉምትታት ይወስዳ ።”
5. “ኩለን ኣባል ሃገራት ኣብ ሃገራተንን ዘባአንን ንዝርከብ ብኤርትራ ብተዘዋዋሪ ዝውነን ገንዘብን ቁጠባዊ ጸጋታትን ካልእን፡ ካብ’ዚ እዚ ውሳኔ’ዚ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩን ወይ ድሕሪኡ ንምድስካሉ ብዘይምድንጓይ ስጉምቲ ይወስዳ።”

ኣብ መወዳእታ ባይቶ ጸጥታ፡ “ንተግባራት ኤርትራ ብደቂቕ ክከታተሎን ከትርሮን ምኳኑ ብምምልካት፡ እንተ ድኣ ኤርትራ ብትሕዝቶ’ዚ ውሳኔ’ዚ ተማእዚዛ ግን፡ ከመሓይሾ ወይ ከልዕሎ ከም ዝኽእል ኣረጋጊጹ።”[2]

.